# መኣዲ ዘተ

## *ሚላኖ (ኢጣሊያ) 26/03/2006*

ሰንበት ዕለት 26 መጋቢት ኣብ ከተማ ሚላኖ "ዕውት ደሞክራሲያዊ ለውጥን ኣፈታትሓ ውሽጣዊ ጎንጽን ኣብ ሃገርና ኤርትራ" ዝርእስቱ ሰሚናር ተኻዪዱ። ድሕሪ ሰፊሕ መእተዊ ብዶክቶር ዮውሃንስ ዘረማርያም፤ ተሳተፍቲ ኣብዘን ዝስዕባ ኣርእስቲ ዝርዝር ክትዕ ኣካዪዶም።

1. መንግስቲ እንታይ ማለት ኢዩ? ከመይ ኢሉ'ኸ ህዝቢ ንኸገልግል እተፈጥረ ትካል ናብ መሳሪ ገዛኢ ይቕየር?
2. ኣገባብ ምስጋር ካብ መሳሪ መግዛእቲ ናብ ደሞክራሲያዊ መንግስትን ምድልዳል ደሞክራሲያዊ ትካላትን።
3. ዓቕሚ ምትዕጽጻፍ ተቓወምቲ ውድባትን ወሳኒ ጊደኡን ኣብ መድረኽ ስግግር።
4. ዝምድና ኣብ ሞንጎ ደምበ ተቓውሞን ኣብ ውሽጢ መሳሪ መግዛእቲ ዝምዕብል ለውጥን።
5. ኣብነት ከባቢና ብዛዕባ ዘተ ኣብ ሞንጎ መንግስትታትን ተቓወምትን፤ ስትራተጂን ታክቲክን ቅድመ ኩነታት ንዘተን ግደ ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብን።
6. ለውጥን ጸጥታን ሓድነትን ሃገር።
7. ፖሊቲካዊ፣ ኤኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ መደብ ፅዮ ደምበ ተቓውሞ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ምልኪ ህዝቢ ክኸውንን ኩሉ ክማየጠሉ ዝኽእልን ክኸውን። ግደ ምሁራን ኤርትራውያንን ካልኦት ተሓባበርትን ነዚ መደባት ናብ ምስንዳእ።
8. ውሽጣዊ ግርጭት ብእሩም ንኽፍታሕ ዘድልያ ሓባራዊ ብኹሉ ዜጋ ሃገር ቅቡላት ሓለፋታት (values) = ሉኣላውነት ሃገርን ቅዱስነት ዶባቱን፣ ሓድነት ህዝቢ፣ ፍትሓውነት ምክፋል ፖሊቲካዊ ስልጣንን ሃብቲ ሃገርን፣ ናይ እምነት፣ ባህሊ፣ ዘርኢ፣ ብዙሕነት ቅቡል ኮይኑ ብሓባር ዘናብር ዘየሻሩ ሕገ-መንግስቲ ንኹሉ ብዜግነቱ ማዕረ ዝርኢን ጣልቃ ዘይኣቱን ኣመሓድራ። እዚኤን ቅቡላት ምስ ዝኾና ኩሉ ፍልልያት ብደሞክራሲያዊ ዘተን ብምቅብባል ሓሳብን ርእይቶን ክፍታሕ ይከኣል።

ንሰሚናር ሚላኖ ፍሉይ ዝገብሮ፣ ንመጀመርያ ጊዜ ዕዉት ደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ሓቢርና እንታይ ንግበር? ኣየናይ ግብራዊ ከይዲ የዕውተና? ንዝብል እዋናዊ ሕቶ ምግጣሙ ኢዩ። ሰሚናር ብደሞክራሲያውያን ኤርትራውያን ኣብ ኢጣሊያ፣ ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኢጣሊያ፣ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲን ሰብኣዊ መሰልን ተዳሊዩ፥ ኣብ ሚላኖ ዝነብሩ ኣባላት መብዛሕተን ተቓዉምቲ ውድባትን ደገፍቲ መንግስትን ተኻፊሎሞ፤ ብስኒት ዝሰፈኖ ክትዕን ብምክብባርን ተዛዚሙ። ኣብ መጻኢ ሓጺር ጊዜ ንወረቓቕቲ ሰሚናር ብምሉኡ ክሓትሙዎ ከምዝፍትኑ ኣሰናዳእቲ ሰሚናር ቃል ኣትዮም።